# ክወታዊት ናጻ ናይ ነዳዲ ትካል
# ምስ ኤርትራ ዘለዎ ሽግራት ብፍርዲ ክውዳእ ወሲና

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 15.09.2009

ናይ ክወይት ናጻ ናይ ነዳዲ ትካል፡ በቲ ኣብ ለንደን ዝመደበሩ፡ ብኣህጉራዊ ናይ ንግድ ሕጊ ዝሰርሕ ቤት ፍርዲ ኣቢላ፡ ንትካል ነዳዲ ኤርትራ ናይ 19 ሚልዮን ናይ ክወይት ዲናር ዕዳ ከተኽፍላ ምኽኣና፡ ኩና (KUNA) እተባህለት ናይ ክወይት ማዕከን ዜና ሓቢራ።

ናይ ኤርትራ ናይ ነዳዲ ትካል ትካልን (PCE) መንግስቲ ኤርትራን ዕዳ ከምዘለዎም ምእማኖምን፣ ብሰንኪ'ቲ ኣብ መላእ ዓለም ሰፊኑ ዘሎ ቍጠባዊ ቅልውላው፡ ዕዳኦም ኣብ ምኽፋል ብምድንጓዮም ይቕሬታ ከምዝሓተቱን፣ እቲ ክወታዊት ትካል ነዳዲ ገሊጻ። እቲ መግለጺ ኣስዒቡ፡ ክወይት ን11 ዓመታት ዝኣክል ግዜ ንኤርትራ ነዳዲ ክትሸጠላ ከምዝጸንሐት ኣጋሊጹ።

ሰበ-ስልጣን ኤርትራ፡ ነታ ክወታዊት ትካል ነዳዲ፡ ዕዳኦም ክኸፍሉ ምኳኖም'ኳ እንተገለጹላ፣ እታ ትካል ግን፡ እቲ ጉዳይ ብፍርዲ መዕለቢ ክግበረሉ'ያ ወሲና ዘላ። ጠበቓታት ናይ'ታ ክውታዊት ትካል፡ መንግስትን ትካል ነዳድን ኤርትራ ብዕድኦም ስለእተኣመኑ፡ እቲ ኣብ ለንደን ዝርከብ ቤት ፍርዲ፡ ንኤርትራ ኣገዲዱ 19 ሚልዮን ዲናር ከኽፍላ ምኳኑ ብነፍሰ-ምትእምማን ክግለጹ ይስምዑ ኣለዉ። ቀጺሎም፡ እቲ ብይን፡ ነታ ክወታዊት ናይ ንግዲ ትካል፡ ካብ'ቲ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከብ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ንብረት ዕድኣ ክትክፈል ከኽእላ ምኳኑ ውን ገሊጾም።